# ህንጻ ቛንቋ

## ሓጺር መእተዊ ሰዋሰው ትግርኛ

ካርል ዮሃን ልንድስትሮም

ስዊደናዊት ሚስዮን - ኣስመራ

COPYRIGHT
SWEDISH EVANGELICAL MISSION
ASMARA
1960

በለዛ ታሕሳስ 1952 ዓ-ም

COPYRIGHT
SWEDISH EVANGELICAL MISSION
ASMARA
1960

# <u>መ እ ተ ዊ</u>

እዚ መጽሓፍ'ዚ መእተዊ ሰዋሱው ዘስተምህር እዩ እምበር ፡ ምሉእ መጽሓፍ ሰዋሱው ኣይኮነን ። እቲ ተመሃራይ ቅድም ነዚ መቕድም ምስ ተማህረ ፡ እቲ ብቑዕ ሰዋሱው ይጅምር ።

ተመሃራይ ብግብሪ መታ'ን ክመሃር ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ብዙሕ መላመዲታት ወሲኽና ኣሎና ። ክምኡ'ውን ክምዚ ዝኣመሰለ መላመዲታት ብመምህር ክውሰኽ ይኽእል ።

እቲ ቅኑዕ ስርዓት ኣመሃህራ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ክምዚ ዝስዕብ እዩ ።

፩. መምህር ብዙሕ ምሳሌታት እናገበረ ነዚ ክፍሊ ሰዋሱው ይገልጽ ።

፪. እቶም ተመሃሮ በዕላቶም ምሳሌታት ይሃቡ ።

፫. እቲ መምህር ምሳሌ እናገበረ ፡ ነቲ መላመዲ ከመይ ከም ዝዕየ ይገልጽ ።

፬. ተመሃሮ መላመዲ ይዕዩ ።

፭. ምርዳእ እቶም ተመሃሮ ዘርኢ ኣብ መፍትሒታ ሕጽር ዝበለ ፈተና ብቓል ወይ ብጽሕፈት ክግበር የድሊ ።

እዚ ኸምዚ ዝበለ ስርዓት ወይ ኣገባብ ጽቡቕ ከሕቅን'ውን ኣይርዳእ ዘይውሓ ክዛውትር ይግባእ እዩ ።

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ዜምሓይሹ ሓሳባት እንተኣልዮም ብሓጎስ ክንቅበሎ ድሉዋት ኢና ።

በለዛ ታሕሳስ ፲፱፻፶፰ ዓ-ም
ካርል-ዮሃን፡ ልንድስትሮም ።

## ናይ ቛንቋ ህንጻ ።

ቛንቋና ከም ሓንቲ ገዛ እተሃንጸት እያ ። እቲ ፡ ብቛንቋና እተሃንጸ ገዛ ሓሳብ እዩ ዝብሃል ። ንኣብነት ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣለኹ ። እዚ ምሉእ ሓሳብ እዩ ።

<u>መለማመዲ 1</u> ፡ በዞም ዚስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ጽሓፍ ፡ ከልቢ ፡ ድሙ ፡ ተመን ፡ ሓወይ ፡ ሓረስታይ ፡ ጸሓይ ፡ ዕንባባ ፡ ከራ ።

ንኣብነት ፡ ከልበይ ንፉዕ እዩ ።

<u>መለማመዲ 2</u> ፡ ናይዞም ዚስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ብምሉእ ሓሳብ ጽሓፍ ።

- ስምካ መን እዩ፧
  ስም ዓድኻ እንታይ ይበሃል ፧
  ኣሕዋትካ ክንደይ እዮም ፧
  ኣብ ኣየናይ ክፍሊ ኣሎኻ፧
  ስም መምህርካ መን እዩ ፧

ንሓንቲ ገዛ ኽትሃንጻ ከሎኻ ከም እምኒ ፡ ዕንጨይቲ ፡ ሞርቃ ሓጺን ፡ ሑጻ ፡ ዚመስል ብዙሕ ዓይነት መሳርያታት እዩ ዜድልየካ ። ከምኡ'ውን ኣብዚ ህንጻ ቛንቋ ተበሂሉ ዘሎ ብብዓይነቱ መሳርያታት የድሊ ።

ሕጂ ኣስማት ናይዞም መሳርያታት ቛንቋ ኽንመሃር ኢና ። እታ ቐዳመይቲ <u>ስም</u> ትብሃል ። ኣብ ሓንቲ ቛንቋ ብዙሕ ዓይነት ስም ኣሎና ።

ንኣብነት ፡ ከልቢ ፡ ወዲ ፡ ኦም ፡ መኪበብያ ፡ ነፋሪ ፡ ሰሎሙን ፡ ኣሥመራ ።

ሕጂ ፡ ንሰብን ፡ ንእንስሳታትን ፡ በታን ፡ ነገርን ፡ መጸውዒ ፡ ዚጠቕመና ቓል ፡ <u>ስም</u> ይብሀል ።

መለማመዲ 1፡ ክብዛ እትስዕብ ዛንታ ስም ዘበለ ኩሉ እውጺእካ አብ ጥራዝካ ጽሓፎ።

## ንኣሽቶ ተመሃራይ።

ሰለሙን ንኣሽቶ ተመሃራይ እዩ። ንግሆ ቀልጢፉ ምስ ተንስኤ ገጹን ርእሱን አእዳዉን እእጋሩን ይሕጸብ። መጽሓፉ ንንጹሉ ኩሉ መጽናዕቱ የንብብ ፣ ድሕሪኡ ቍርሱ ቘሪሱ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ።

አብ ቤት ትምህርቲ ኩሉ ሳዕ ቀልጢፉ ዚመጽእ ስለ ዝኾነ፡ መምህሩ ይፈትውዎ እዮም።

አብ ቤት ትምህርቲ ምስ አተወ ጽን ኢሉ ትምህርቱ ይመሃር።

ንፋዓት ደቂ ኩትብሀሉ ከም ሰሎሙን ኩኑ።

መለማመዲ 2፡ ነዛ እትስዕብ ዛንታውን ክምቲ ቅድም ዝገበርካዮ ጌርካ ምላሽ ሀበላ።

"እግዚአብሄር ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ፡ ምድሪ ግና ጥራያ ነበረት ፡ ጸልማት ከአ አብ ዓሚቁ ነበረ። መንፈስ እግዚአብሄር ድማ አብ ልዕሊ ማይ ይዝምቢ ነበረ። ሽዑ እግዚአብሄር ፡ ብርሃን ይኹን ፡ በለ። ብርሃን ድማ ኾነ። እግዚአብሄር ብቐዳመይቲ መዓልቲ እዚ ገበረ።

ብኻልአይቲ መዓልቲ እግዚአብሄር ፡ ጠፈር ይዘርጋሕ እሞ ነቲ ማይ ይፍለ ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። ሽዑ እግዚአብሄር ነቲ ጠፈር ሰማይ ኢሉ ጸውዖ።

ብሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ እግዚአብሄር፡ መታን እቲ ንቑጽ ክርአስ፡ እዚ ማይ ናብሓደ ቦታ ይተአከብ ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። እግዚአብሄር ከአ፡ ምድሪ ሳዕርን ብቚልን አምን ተውጽእ፡ በለ። ሽዑ እታ ምድሪ ዘርኢ ዚህብ ሳዕርን ብቚልን ዚፍሪ አምን አውጽኤት።

## ክንዲ — ስም ።

ንሕና ግና ኹሉ ሳዕ ብስም ጥራይ ጌርና ቛንቛና ክንሀንጽ ኣ
ንኽእልን ኢና ።

ንኣብነት፥ "ሰሎሙን ንፋዕ ወዲ እዩ። ሰሎሙን ዕለት-ዕለት ና
ቤት ትምህርቲ ይኸይድ። ንግሆ ኣእጋር ሰሎሙንኒ፥ ርእሲ ሰሎሙ
ንኒ፥ ኣእዳው ሰሎሙንኒ ይሕጸብ።" ንሓንቲ ስም "ሰሎሙን" ንኹ
ጊዜ ኽንደግማ የድክመና እዩ ። ስለዚ እንሓንሳእ ኣብ ክንዲ "
ሎሙን" "ንሱ" ክንብል የድሊ ። ሰሎሙን ንፋዕ ወዲ እዩ ። ን
ዕለት-ዕለት ናብ ቤት-ትምህርቱ ይኸይድ ወ.ዘ.ተ. ። እዚ "ንሱ" ዘ
ብል ቃል ኣብ ክንዲ እታ "ሰሎሙን" እትብሃል ስም ሰለ ዝጸሓፍ
ናዮ "ክንዲ ስም" ይብሃል ።

ሕጊ ፥ ኣብ ክንዲ - ስም ኣትዩ ፥ ዕዮ ስም ዚፍጽም ቃ
ክንዲ-ስም ይብሃል ።

እቶም "ቀንዲ" "ክንዲ - ስም" እዚኣቶም እዮም ።

ሀ. ናይ ሰብ ፥

እነ (ኣብ ክንዲ ስመይ ።)

ንስኻ ወይ ንስኺ (ኣብ ክንዲ ስምካ ወይ ስምኪ ።)

ንሱ ወይ ንሳ (ኣብ ክንዲ ስሙ ወይ ስማ ።)

ንሕና (ኣብ ክንዲ ስምና ።)

ንስኻትኩም ወይ ንስኻትክን (ኣብ ክንዲ ስምኩም ወይ ስምክን

ንሳቶም ወይ ንሳተን (ኣብ ክንዲ ስሞም ወይ ስመን)

ዘ. ኣብ ቅድሚ "ክንዲ - ስም" ዚኣቱ "ን"

ንእይ ፥

ንኣኻ - ወይ - ንኣኺ ፥

ንእኡ - ወዩ - ንእኣ ፥

ንአና ፣
ንአኻትኩም - ንአኻትክን ።
ንአታቶም - ንአታተን ።

፫. ኣብ ክንዲ ጥሪት ዘኣቱ ።

ናተይ ፣
ናትካ - ወይ - ናትኪ ፣
ናቱ - ወይ - ናታ ፣
ናትና ፣
ናታትኩም - ወይ - ናታትክን ፣
ናታቶም - ወይ - ናታተን ፣

<u>መለማመዲ 1</u> ፡ ክንዲ-ስም ኣየናት ምዃኖም ምስ ፈለጥካ ፣ ኣብ ጥራዝካ እዞም ዚስዕቡ ቓላት ምስ ጻሒፍካ ድሕሪ ነፍስ-ወከፍ ስም ክንዲ-ስም ኣስዕብ ።

ንኣብነት ፦ ወዲ-ንሱ ። ጓል-ንሳ ። ወ.ዘ.ተ. እናበልካ ቀጽል ።
ወዲ ፣ ጓል ፡ ሕድጊ ፣ ወርሒ ፣ ጸሓይ ፣ ላም ፣ ኣበጊዕ ፣ ባቡር ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፣ ኣንስቲ ፣ ኣበቕል ፣ ደማሙ ፣ ከልቢ ፡ ተመሃሮ ፣ ተምሃሪት ፡ መምህር ፡ ሳሙኤል ።

<u>መለማመዲ 2</u> ፡ ኣብዚ ዚስዕብ ምሉእ ሓሳባት ዘሎዎ "ክንዲ-ስም" ኣውጺእካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎም ።

ንሱ ፡ ናተይ እዩ ፣ በለ ።
ኣነ ንሓወይ ፡ ንስኻ ኢኻ ፡ ዝሓበርኩዎ ፣ ኢሉ መሊሹሉ ።
ንሳ ፣ ነተን ኣንስቲ ፡ ኣበይ ትኸዳ ኣሎኹን ፤ በለተን ።
ንሳቶም ፣ ኩላቶም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ከይዶም ።

ኣብዚ እትስዕብ ዛንታ ዘርከቡ ስምን ፡ ክንዲ - ስምን ፣ ኣውጺእካ ኣብ ጥራዝካ ከምዚ ዚስዕብ ጌርካ ኣብ ክልተ ክፍሊ ምቐሎ ።

## ስም ።

## ክንዲ - ስም ።

ኣብርሃም ካብ ሃገር ኣቦኡ ናብ ሃገር ከንኣን ምስ ወጸ ፡ ሎጥ ዚብሀል ወዲ ሓወ ምስኡ ነበረ። ኣብርሃም ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ናቱ ኣግማሉ ብቐሊሉ ኪቚጸሩ ኣይክእላን ነበራ ። ግን ፡ ሎጥ'ውን ብዙሓት ኣሓ ነበራኦ ። ሓደ እዋን እቶም ጓሶት ኣብርሃምን ሎጥን ተበኣሱ ። ሽዑ ኣብርሃም ንሎጥ ፡ ንሕና ኽንበኣስ ኣይግብኣናን እዩ ። ግናኸ ንስኻ ናብ የማን እንተ ኸድካ ኣነ ናብ ጸጋም ክኸይድ እየ ፡ ንስኻ ናብ ጸጋም እንተኸድካ ኸኣ ፡ ኣነ ናብ የማን ክኸይድ እየ ፡ በሎ ። ድሕሪኡ ሎጥ እቲ ዝበለጸ ፡ መሬት ሐርዩ ፡ ኣብኡ ምስ ስድራ-ቤቱ ተቐመጠ ።

## ቅጽል ።

ኣብ ቋንቋና ሓደ ስም ወይ ክንዲ-ስም ከመይ ከም ዝኾነ ኽን ገልጸ ንሬቱ ።

ንኣብነት ፡ ብዛዕባ ሓደ ብዕራይ ክንዛረብ ከሎና ፡ ንእሽቶ ወይ ዓብዩ ፡ ሕማቅ ወይ ንፉዕ ፡ ጸሊም ወይ ጻዕዳ ፡ ምዃኑ ኽንፈልጦ የድሊ። እቲ ነዚ ዘገልጸልና ቃል ከኣ "ቅጽል" ይብሃል ።

ሕጂ ፡ ዓይነትን፡ መጠንን፡ ፍጥረትን፡ ናይ ስምን ክንዲ - ስምን ዘገልጽ ቃል "ቅጽል" ይብሃል ።

ንኣብነት ፡ ቀይሕ ፡ ዓብዩ ፡ ንፉዕ ፡ ብርትዕቲ ፡ ሕማቕ ።

መለማመዲ 1 ፡ ነዚም ዚስዕቡ ስማት ሕብሮም ጽሓፍ ። ንኣብነት ፡ እንቋቑሖ ጻዕዳ እዩ ። ቈጽሊ - ሻሂ ጸሊም እዩ ። ከምዚ እና ገበርካ ነዚም ዚስዕቡ ሕብሮም ንገር ።

1) መንነ 2) ዘርኢ-ዳንኣ 3) ጸሓይ 4) ኵርሽ 5) ዕንባባ-ብርስን 6) ኖራ 7) ቈጽሊ-ኦውሊ 8) ወርቂ 9) ደም 10) ቀጥራን ።

<u>መለማመዲ 2</u> ፡ ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ ኩሉም ቅጽል አውጺእካ አብ ጥራዝካ ጽሐፎም ።

ጴጥሮስ ንፉዕ ወዲ እዩ። አየር ጥዑም አንተኾነ ነቲ አረጊት አቦኡ ምእንቲ ኺሕግዞ ናብቲ ዓብዩ ግራት ይኸይድ ። እቲ ድኹም አቦኡ ምስ ሀረረ እቲ ቡላ ብዕራይን እቲ ጣላ ብዕራይን ሒዙ ሓደ ንእሽቶ ክፍሊ ናይ ግራት ኪሓርስ ይኸይድ ። ብተሪር ዕንጨይትን ማሕረሻ ሓጺንን እተሰርሐ አለዎ። እቶም አብዑር ብኸልተ ብርቱዓት ቈራሮር እተአስሩ እዮም ። እቶም አብዑር ህኩያት እዮም ። ግናኸ ጽቡቕ ዕዮ እዮም ዚዐዩ ። ጴጥሮስ አብ ግራቱ ጻዕዳ እኽሊ ይዘርእ። እዚ እኽሊ'ዚ ብእዋን ቀውዒ ጥዑም እንጌራ ኪኸውን ሎሚ እዩ ።

<u>መለማመዲ 3</u> ፡ ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ ኩሉም ስምን ፡ ክንዲ-ስምን ፡ ቅጽልን አውጺእካ አብ ጥራዝካ ጽሐፎም ከምዚ እናገበርካ አብ ፫ ክፍሊ ምቓሎም ።

| | | |
|---|---|---|
| ስም፡ | ክንዲ - ስም | ቅጽል |
| ሞት፡ | ንሱ | ሓያል |

ምላድ ሙሴ ።

ድሕሪ ሞት ያእቆብ ሓያሎ ዓመታት ሞስ ሐለፈ ፡ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ ንጉስ አብ ምስሪ ነገሰ ። ንሱ ግና ደቂ እስራኤል ምስ ጸላእቱ ኸይሕብሩ ይፈርህ ነበረ ። ስለዚ ኺበዝሑ-እይፈተወን እዩ ፡ ብኸቢድ ዕዮ አሸገሮም ፡ ሓሳር ድማ አጽገቦም። ምስናይዚ ግና ንሳ

ቶም እናበገዙሉ ይኸዱ ነበሩ ። ሽዑ ድማ ኩብ ደቂ እስራኤል እንተ ተወልደ ፣ ናብ ቀላይ ኪድርብዩዎ ፣ ንኹሎም ሰብ ምስሪ ዘዎ ። በቲ ዘበንቲ ካብ ደቂ እስራኤል ሓንቲ ሰበይቲ ወዲ ደት እሞ ፣ ሰለስተ ወርሒ አብ ቤታ ሐብኣቶ ።

ከብኡ ግና ምሕባኡ ምስ ሰአነት ሳጹን ሽምብቆ ብቕጥራን ሊቓ ፣ ናብኡ አእተወቶ ። ናብ ገምገም ርባ ወሲዳ ድማ ፣ አብ ዕ ሰልሰላ አንበረቶ ። ሓወቱ ኸአ ብርሑቕ ደው ኢላ ፣ እንታይ ዚመጾ ተማዕዱ ነበረት ።

በቲ እዋን እቲአ ግና ጓል ፈርኦን ክትሕጸብ ናብ ርባ ወረደ አብ መንጎ ሰልሰላ ሳጹን ምስ ረአየት ከአ ፣ ንሓንቲ ካብ አግ ኸተምጽኣ ለደደት ። ነታ ሳጹን ከፊታ እንተ ረአየት ድማ ፣ አ ሕጻን ኪበኪ ረኸበቶ ። ሽዑ ጓል ፈርኦን ደንገጸትሉ እሞ ፣ ካብ ሕጻናት እስራኤል እዩ ፣ በለት ።

እታ ሐወቱ እቲ ሕጻን ድማ ቀርባ ኢላ ፣ ካብ አንስቲ እስ ልዶ መጥባቲ ክምጽአልኪ ክኸይድ ፣ በለታ ። ሽዑ ጓል ፈር ሕራይ ፣ አምጽአለይ ፣ በለታ ። ንሳ ድማ ከይዳ ፣ ነዲኡ አምጽአ አዲኡ ኸአ ወሲዳ አዕበየቶ ።

ምስ ዐበየ ናብ ጓል ፈርኦን ወሰደቶ ። ንሳ ኸአ ከም ው ተቐበለቶ ። ሙሴ ኢላ ድማ ሰመየቶ ።

## አንቀጽ ።

ኢብቲ ህንጻ ቋንቋና ፣ ስምን ፣ ክንዲ-ስምን ፣ ቅጽልን ጥራይ ን ኸለናን ። በዚኦቶም ጥራይ ሓደ ሓሳብ ክንጽሕፍ እንተ ደሊና ዘይኸውን ብቕልጡፍ ክነስተውዕሎ ንኽእል ።

ንአብነት ፣ "እቲ ንእሽቶ ወዲ" ዚብል ሓሳብ ጥራይ እንተ

ፍና ብእኡ ሓሳብና ምሉእ ኣይኮነን ። ግናኸ "እቲ ንእሽቶ ወዲ ፈሪሁ" እንተ ጸሓፍና ምሉእ ሓሳብ እዩ ። ከም ፈሪሁ ዝኣመሰሉ ቓላት "ኣንቀጽ" እዮም ዚብሃሉ ።

ሕጊ ፡ ግብርን ኩነትን ዚገልጽ ቓላት ኣንቀጽ ተባሂሉ ይጽዋዕ ።

መለማመዲ 1 ፡ ኣብ ጥራዝካ 20 ኣንቀጽ ጽሓፍ ።

መለማመዲ 2 ፡ እዛ እትስዕብ ዛንታ ኣብ ጥራዝካ ጽሐፋ እሞ ፡ ኣብቲ ሕንጻጽ ዘለዎ ምልክት ንእኡ ዚሰማማዕ ቓላት ጽሐፍ ። እ ቶም ዚእትዉ ቓላት ግና ኣንቀጽ ኪኾኑ ይግባእ ።

ሓደ ንእሽቶ ወዲ ናብ ከተማ ...... .. ። ናብኡ ምስ , .... ብዙሕ ስለ ዝጠመየ እንጌራ .. ጸቦ'ውን ። ሸኡ ክር ቢት ኪገዝእ ኣብ ድኳን . ። ምሸት ምስ ናብ ገዛ ሐውኣቦኡ ኣተወ ። ድራር ምስ... .... ኣብ ዓራት ። ንግ ሆ ካብ ዓራቱ . ። ሸሁ ንሓውኣቦኡ ደሓንዶ .. በሎ ። ምስቶም ደቂ ሓውኣቦኡ ቍርሲ ምስ . . . ብእውቶቡስ ናብ ዓዱ . ።

መለማመዲ 3 ፡ ካብዞም ዚስዕቡ ቓላት ፣ ኣንቀጽ ዘበለ ነቲሉ ኣውጺእካ ፣ ኣብ ጥራዝካ ጽሐፎ ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ወዲ | ቀተለ | ቀይሕ | ፈተወ | ተዛረበ |
| ንሱ | በሰለ | ሰጠተ | ርሳስ | ይዛረብ |
| ተረፈ | ይተርፍ | ንእኡም | ባረኸ | ኣድጊ |
| ረኺቡ | በኸየት | ከተማ | ኣይፈለጠን | ናቱ |

መለማመዲ 4 ፡ ካብዛ ዛንታ'ዚኣ ኣንቀጽ ዘበለ ነቲሉ ኣውጺእ ካ ፡ ኣብ ጥራዝካ ጽሐፎ ።

## ድሙን ቃጭልን ።

ኣብ ሐደ ገዛ ብዙሓት ኣናጹ ነበሩ ። ስለዚ እቲ ዋና ገዛ ሓንቲ ድሙ ኣምጽኤ ። እታ ድሙ ኸኣ ብዙሓት ኣናጹ ቐተለት ። ሽዑ ሓንቲ ለባም ኣንጭዋ ነተን ኣናጹ ፧ ሎሚ ምሸት ኩላትክን ኣብ ጉድጓደይ ምጻ እሞ ፡ ብዛዕባ እዛ ክፍእቲ ድሙ ኽንማኽር ኢና ፡ በለተን ። ምሸት ምስ ኮነ ፡ እተን ኣናጹ ኩላተን ኣብ ጉድጓድ ተኣከባ ። ኩላተን ተዛረባ ፡ ግናኸ ብዛዕባ እታ ድሙ እንታይ ክም ዚገብራ ጠፍኤን ።

ኣብ መወዳእታ ሓንቲ ጕራሕ ኣንጭዋ ተንሲኣ ፡ ነዛ ኽፍእቲ ድሙ ፡ ኣብ ክሳዳ ቃጭል ንእሰረላ ፡ ክትዘልዕና ኽትመጽእ ከላ ኸኣ ፡ ነታ ቃጭል ሰሚዕና ፡ ክንሃድም ንኽእል ኢና ፡ በለተን ። ኩላተን እተን ኣናጹ ኸኣ ፡ ጽቡቕ ሓሳብ ፡ ኢለን ተሓጕሳ ።

ሐንቲ ኣረጊት ኣንጭዋ ግና ፡ ነታ ቃጭልከ መን እዩ ኣትእስረላ ፧ ኢላ ምስ ሐተተት ፡ ኩላተን ኣጽቀጣ ። ኪሐስባ ከለዋ ኸኣ ፡ እታ ድሙ መጺኣ ሓያሎ በልዐትለን ። መሳኪን ኣናጹ ።

መለማመዲ 5 ፡ ካብዚ ዚስዕብ ዘንታ ስምን እንቀጽን ዘበለ ኹሉ ኣውጺእካ ፡ ብተርታ ከምዚ ዚስዕብ ሰሪዕካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎ ።

| ስም | እንቀጽ |
| --- | --- |

## እንስሳ ናብ ሰብ ከመይ ገይሮም ክም ዝመጹ ።

ቀደም ዘመን ኩላቶም እንስሳታት ኣብ በረኻ ይነብሩ ነበሩ ። ሐደ እንስሳ እኳ ምስ ሰብ ዚቐመጥ ኣይነበረን ። ከልቢ ፡ ፈረስ ፡ ላም ፡ ኣብ በረኻ ይቕመጡ ነበሩ ። ድሙ ውን በይና ተፈልያ ኣብ በረኻ ትነብር ነበረት ።

ኣብቲ በረኻ ኸኣ፡ ኣብ ሓንቲ በዓቲ ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን ይነብሩ ነበሩ ። በቲ እዋን እቲ ኣብይቲ ስለ ዘይነበረ፡ ሰባት ኣብ በዓቲ እዮም ዚቕመጡ ዝነበሩ ።

ሓንቲ መዓልቲ፡ እቲ ሰብኣይን እታ ሰበይትን ኣብቲ በዓቲ የዕልሉ ነበሩ ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከምዚ በላ፤ ኣብዚ ጽቡቕ ኣሎና ፡ ንስኺ ኸኣ ንፍዕቲ ኢኺ ፡ በዓትና ተጽርዩ ፡ ሓዊ ትእጉዲ ፡ ማይ ትወርዲ ፡ ብሓቂ ንፍዕቲ ሰበይቲ ኢኺ ።

እታ ሰበይቲ'ውን ንሰብኣያ ከምዚ በለቶ፡ ንስኻ'ውን ንፉዕ ኢኻ፡ ኣብ በረኻ እንስሳ ትሃድን ፡ ነቶም እንስሳታት ከኣ ስጋኦም ንበልዖም ፡ ቈርበቶም ድማ ንኽደን ። ጽቡቕ ኣሎና ፡ ሰብኣየይ ንፉዕ ኢኻ ።

<u>መለማመዲ 6</u> ፡ ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ ነቶም ስምን ክንዲ-ስምን ቕጽልን፡ ኣንቀጽን ኣውጺእካ ፡ ብተርታ ከምዚ ዚስዕብ ሰሪዕካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎም ።

| ስም | ክንዲ - ስም | ቕጽል | ኣንቀጽ |
| --- | --- | --- | --- |

ሓደ ዕዉር ግዙእን ሓደ ስራሕ ዜብሉ ጐበዝን ።

ሓንቲ ለይቲ ኣብ ከተማ በግዳድ ሓደ ግዙእ ማይ መቓን ኬምጽእ ካብቲ ግቢ ራሺድ-ዓሊ ብጸልማት ወጸ ። ንሱ ኣብ ርእሱ ሓደ ግዚ ዕትሮ ጾይሩ ኣብ ኢዱ ድማ መብራህቲ ሒዙ ነበረ ። ዕዉር ስለ ዝነበረ ድማ በታ ኻልኣይቲ ኢዱ ሃሰስ እናበለን እናተጠንቀቐን ይኸይድ ነበረ ።

እቲ ዕዉር መቓን ኣብቲ ማይ ዚውረዶ ስፈር ኪበጽሕ በቲ ዕዳጋ ኣቢሉ ኪኸይድ ኣድለዮ ። ኣብቲ ማእከል ዕዳጋ ወዲ ሓደ ሃብታም ነጋዳይ ስራሕ ዘይነበሮ ዕድሚኡ ምሉእ ብዘንተኛ ጠጠው -

ጠጠው ይብል ነበረ ። ንሱ ነቲ ገዝኡ አጸቢቑ ይፈልጦ ነበረ'ሞ እቲ ዕዉር ሰብኣይ ምስ ቀረበ ዓው ኢሉ እናሰሓቐ ፡ አታ ዓሻ ፡ መብራህቲ ንአኻ'ኸ እንታይ ኪገብረልካ እዩ ፤ መዓልትን ለይትን ሐደዶ አይኮነን ፤ በሎ ።

እቲ ዕዉር ሰብኣይ ከይኩረየ ብህድኣት ፡ መብራህቲ ንአይ መታን አብ ጸልማት ንየው ነጀው ክይብል እሞ ኪብርሃለይ ኢለ አይኮንኩን ጸይረዮ ዘለኹ ፡ ግናኸ ከማኻ ዝበሉ ሰብ ቀሊል አእምሮ ካብ ሓደ ስፍራ ናብቲ ኻልእ ስፍራ ኺሳገሩ ኺብሉ ብጸላም ክይረአዩኒ ከየንንጸጉኒ ክይደርብዩኒ ፡ ዕትሮይ'ውን ከየስብሩኒ ፡ ኢለ እየ መብራህቲ ሒዘ ዝኸይድ ዘለኹ ኢሉ ምላሽ ሀበ ።

## ወ ሰ ኽ - አ ን ቀ ጽ ።

ቃላት አንቀጽ እንሓንሳእ ሓገዝ ይደልዩ እዮም ።

ንአብነት ፡ "ሳባ ዕትሮ ሰርሒት" እንተ በልና በብዓይነቱ ሕቶታት ክንሓትት ንደሊ ። "ከመይ" ገይራ ሰሪሐታ ፡ ኢልና እንተ ሐተትና ፡ "ሳባ ዕትሮ ብቕልጡፍ ሰሪሓ" ፡ ዚብል ምላሽ ንረክብ። ወይ ድማ፡ "ምእስ" ሰሪሐታ እንተ በልና ፡ "ሳባ ትማሊ ሰሪሐታ" ንብል። ከምኡ'ውን "አበይ" ሰሪሐታ ኢልና እንተ ሐተትና ፡ "ሳባ ዕትሮአ አብ ውሽጢ ገዛ ሰሪሐታ" ዚብል ምላሽ ንረክብ ። እቶም ንአንቀጽ ዚሕግዙን ዚገልጹን "ወሰኽ አንቀጽ" ይብሀሉ ።

ሕጂ ፤ ናብ አንቀጽ እናተወሰኸ እቲ ግብርን ኩነትን "ከመይን ፡ መእስን ፡ አበይን" ከም እተፈጸመ ዚገልጽ ቃል "ወሰኽ አንቀጽ" ይብሀል ።

ንአብነት ፤ "ከመይ" ኢልና እንተ ሐተትና ምላሽና "ብቕልጡፍ" ፡
"ቀስ" ፡ "ብዙሕ" ፡ "ዳርጋ" ፡ እዩ ።

"መኣስ" ኢልና እንተ ሐቲትና ምላሽና "ሎሚ"፡ "ሕጂ"፡ "ትማሊ"፡ "ድሕሪ"፡ እዩ።

"ኣበይ" ኢልና እንተ ሐቲትና ምላሽና "ኣብዚ"፡ "ኣብኡ"፡ "ኣብቲ" ወ.ዘ.ተ. እዩ።

መለማመዲ 1 ፡ ኣብዚ ዚስዕብ ዘሎ፡ ወሰኽ-እንቀጽ ዘበለ ኹሉ ኣውጺእካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎም ።

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሕጂ | ኣበ | ቀተለ | ኣብዚ | ኣይኮነን |
| ርእሲ | ታሕቲ | ብሓቂ | ላዕሊ | በለ |
| ዳርጋ | ጽቡቕ | ሎሚ | ይዛረብ | መኣስ |
| ትማሊ | ስለ ምንታይ | ፈትዩ | ከመይ | ቀሊል |

መለማመዲ 2 ፡ ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ ወሰኽ-እንቀጽ ዘበለ ኹሉ ኣውጺእካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፍ ።

ሓደ ሰብኣይ ንወዱ ፡ ወደይ ኣብ ግራት ኣይነበርካን ፡ ኣብ ገዛ ውን ተሳኢንካ ፡ ኣበይ'ከ ውዒልካ ፧ ኢሉ ሐተቶ ። ሽዑ ወዱ ፡ ኣቦይ ፡ ስለምንታይ ትኸሪ ፧ ሎሚ ብቕልጡፍ ናብ ግራት ከይደ፡ ኣብኡ ብዙሕ ኣንበጣ ስለ ዝረኸብኩ ፡ ኣዝየ ፈሪሀኩም ናብ ገዛ ግ ርከይ ተመሊሰኩ ፡ ጽባሕ ግን ናብ ግራት ክኸይድ እየ ፡ ኢሉ መለሰሉ ።

ሽዑ ኣቦኡ፡ ወደይ፡ ዓሚ ርሑቕ ከይደ፡ ብዙሕ ኣምበጣ'ውን ርእየ ፡ ግናኸ ኣይፈራህኩን ፡ በሎ ። እቲ ወዲ ግና ፡ ኣቦይ ፡ ኣብዚ ግራትና ኣንበጣ እንተ መጺኡ እፈርህ፡ ኣብ ርሑቕ ከሎ እንተ ርኤኽዮም ግና ኣይፈርህን እየ ፡ ኢሉ ንኣቦኡ ኣረድኦ ።

* * *

እንሕንሳእ ናእሽቱ ቃላት ኣብ ህንጻ ቋንቋና የድልዩና እዮም ። ናእሽቱ ቃላት ከኣ 3 ዓይነት እዮም ።

## መስተዋድድ ።

ሕጂ ፡ ኣብ መንጎ ስምን ክንዲ-ስምን ካልኦት ቃላትን ዘሎ ዝምድና ዚገልጽ ቃል "መስተዋድድ" ይብሃል ።

ኣብ ትግርኛ ዘለዉና መስተዋድድ "ኣብ" ፡ "ብ" ፡ "ምስ" ፡ "ካብ" ፡ "ናብ" ፡ እዮም ።

ንኣብነት ፡ ለምለም ኣብ ኣስመራ ኣላ ። ተስፋዩ ምስ ኣቦኡ ኸደ ። ብርኽቲ ስጋ ብኻራ ገይራ መተረት ።

መለማመዲ 1 ፡ — ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ መስተዋድድ ዘበሉ ኹሉም ኣውጺእካ ፡ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎም ።

## ለዋህ ሳምራዊ ።

ሓንቲ መዓልቲ ሓደ ምሁር ኦሪት ተንሲኡ ፤ ብጻየይ መን እዩ፧ ኢሉ ንየሱስ ሐተቶ ። የሱስ መለሰ በሎ ኸኣ ፡ ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ወረደ ። ኣብ ኢድ ከተርቲ ድማ ወደቐ ። ንሳቶም ገፈፍዎን ከትከትዎን ፡ ዳርጋ ምዉት ገይሮም ሓዲጎምዎ ኸዱ ። ሓደ ኻህን ብኡ መገዲ እቲኣ ኪኸይድ ከሎ ረኺቡ እዩ ፡ እናረኣዮ ሓለፈ ። ሓደ ሌዋዊ ድማ ኣብታ ስፍራ እቲኣ በጽሔ ። ቅሩብ ኢሉ ርእዩዎ ሓለፈ ።

ሓደ ሳምራዊ ሓላፊ መገዲ ግና ናብኡ መጺኡ ምስ ረኣዮ ደንገጸሉ ፡ ቀሪቡ ቍስሉ ዘንሉ ፡ ዘይትን ወይንን ድማ ከዐወሉ ። ኣብ እድጊ ኣወጢሑ ኸኣ ፡ ናብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ተኸናኸኖ። ንጽባሒቱ ኺብኡ ኪኸይድ ከሎ ድማ ፡ ክልተ ዲናር ኣውጺኡ ንብዓል ቤት ሀበ ፡ ተኸናኸኖ ፡ ምእንታኡ ዘጥፋእካዮ ኣብ ምላሸይ ክፈድየካ እየ ፡ ኸኣ በሎ ።

ድሕርዚ የሱስ ነቲ ምሁር ኦሪት ፡ ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወ

ደቆስ ፡ ካብ ስለስቲኦም ብጻይ ዝኸና እየናዮም ይመስለኪ ፣ በሎ ። ንሱ ኸአ ፤ እቲ ምሕረት ዝገበረሉ ፡ በሎ ። የሱስ ድማ ፡ ንስኻ ኸአ ኪድ እሞ ከምኡ ግበር ፡ በሎ ።

መለማመዲ 2 ፤ አብዚ 7 ምሉእ ሐሳብ ተጻሒፉ አሎ ። ግናኸ እቶም አብ ትሕቲ "ለ" ዘለው ክፍሊ ተሓዋዊሶም ስለ ዘለዉ ካብቶም አብ "ሀ" ዘሎ ክፍሊ ምስቲ አብ "ለ" ዘሎ ክፍሊ እናሰማማዕካ ምሉእ ሐሳብ አምጽእ ።

ንአብነት ፤ አብ ዱኳን ሓለው ገዚኤ ። እናበልካ አብ ጥራዝካ ጽሓፍ ።

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| አብ ዱኳን | ንባብ ተማሂረ ። |
| አብ መንነ ህዝቡ | ሰናየ ። |
| ምስ ሐብታ | ተረፈ ። |
| ብበቕሊ | ሞተ ። |
| አብ ቤት-ትምህርቲ | ሓለው ገዚአ ። |
| ብመርፍእ | አኽሊ አጥሒነት ። |
| አብ ድሕሪት | አጋሊበ ። |

## መ ስ ተ ጻ ም ር ።

ሕጊ ፡ ንኽልተ ቃላት ወይ ምሉእ ሐሳባት ወይ ንብዙሓት ቃላት ወይ ምሉእ ሐሳባት ዘተአሳስር ቃል "መስተጻምር" ይብሃል ።

ንአብነት ፡ "ወይ" ፡ "ከአ" ፡ "እሞ" ፡ "ወይ'ሞ" ፡ "ከምኡ'ውን" ፡ "ግን" ፡ "እንተኾነ" ፡ "ግና" ፡ "ን" ።

ምሳሌ ፡ ሳሙኤልን ተሰፋይን ብሓንሳእ ነበሩ ።

መለማመዲ 1፡ ነዚ ዚስዕብ ዛንታ ጽሒፍካ ኣብ ትሕቲ ነፍሰ-ወከፍ መስተጻምር ሕንጻጽ ሕንጽጽ።

ሓደ ሰብኣይ ብዙሕ ገንዘብን ኣሓን ኢኽልን ብዙሕ ገዛውትን ነበሮ። ነዚ ገንዘቡ'ዚ ኪዐቅሮ ስለ ዝደለየ፡ ንደቒቓት ሳንቲምኳ ኣየጥፍኦን። ዓብዩ ገዛ ኣስርሑ፡ ኣብኡ ገዛ ሓንቲ ብሓጺን እተሰርሐት ክፍሊ ውን ገበረ። ምኽንያቱ ድማ ሰረቕቲ እንተመጽኡ ገንዘቡን ማሕዩን ኣብዚ ኽእትዎ እኽሉ ኣየ ብዚብል ሓሳብ እዩ ዝገብሮ። ግናኸ ናይቲ ብሓጺን እተሰርሐት ክፍሊ-ቤት ዳርጋ ኹሉ ገንዘቡ ወደኣቶ። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ንዓርኩ፡ ገንዘብካ ሰረቕቲ ኼጥፍእዎ ይሓይሽ፡ ወይስ ሰራሕተኛታት ኪበልዕዎ፡ ኢሉ ሓተቶ። ዓርኩ ግና ምላሽ ሰእነሉ።

## ቃለ-ኣጋንኖ።

ሕጊ፡ ምድናቕና ጓሂና ሓሳብና እንገልጸሉ ቃላት "ቃለ-ኣጋንኖ" ይብሀሉ።

ንኣብነት፡ እልል! እየ! ወይለይ! ዋ! ኣሰይ!

መለማመዲ 1፡ እዚ ዚስዕብ ሓሳብ ኣብ ጥራዝካ ጽሒፍ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕንጻጽ ሓደ ምስኡ ዚሰማማዕ ቃለ-ኣጋንኖ ጽሓፍ።

_______ ኣንበጣ መጺኡ።

_______ ኣቡዩ ካብ ከተማ ተመሊሱ።

_______ ሎሚ በዓል እዩ።

_______ እሾኽ ወጊኣኒ።

_______ ውሒጅ ኣድጊ ወሲዱ።

መለማመዲ 2፡ ካብዚ ዚስዕብ ዛንታ ዘሎ ኹሉ መስተዋድድን መስተጻምርን ቃለ-ኣጋንኖን ኣውጺእካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፎ።

ኣብ ሓደ ግዜ ሓደ ሰብኣይ ምስ ሰበይቱ ይነብር ነበረ። እቲ ሰብኣይ ኣድግን ላምን ደርሆን ምስኡ ወን ሒዙ ንእሽቶ ድሙን ከልብን ነበሮ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ግራት ከሎ እቲ ኸልቢ ነታ ደርሆ ኸምዚ በላ ፡ ፉ ንእሽቶ ፍጥረት ንጎይታኺ እንታይ ክትገብርሉ ትኽእሊ፧ ኦ ጸላእቱ ኸይቀትልዎ ኽሕልዎ ኣኽእል፡ ስለዚ ሓቀኛ ሓጋዚቱ እየ። ንስኺ ግና ንምንታይ ትጠቅሚ፧ ብእ ፍክዮ ንጸላእቱ ኽትቃወምዮም ትኽእሊ ኢኺ፧

ግናኸ ሓንቲ ለይቲ እቲ ሰብኣይ ኣብ ግዜኡ ይድቅስ ኸሎ ሰራቒ መጸ። እቲ ኸልቢ'ውን ድቃስ ወሲድዎ ነበረ። ግናኸ ወጋሕታ ምስ ቀረበ፡ ደርሆ ተንሲኣ ነቀወ። ኸዉ እቲ ሰብኣይ'ውን ተበራበረ። ነቲ ሰራቒ ምስ ረኸቦ ኸኣ፡ ወይ-ጉድ፡ እንሆ ሰራቒ መጺኡ። ኢታ ሀኩዩ ከልቢ፡ ኣብዩ እዋኑ፡ ደርሆ ከብኻ ዝበለጸ ጠቓሚ ኢያ፡ ኢሉ ሰጎጎ።

ስለዚ እቲ ደርሆ ንኸልቢ እናስሓቐ፡ ኣንዝላ ብሕፈር ንጎይታይ ክሕግዝ ኽኢለ፡ በለ።

## ምርመራ።

ሓቶ ! ካብዚ ዛንታ ዝንቱ ስምን እንታይን ዘበለ ኸሉ ኣጠቓሊልካ ኣብ ጥራዝካ ጽሓፍ።

## ከልብን ኣድግን።

ሓደ ጊዜ ሓደ ገዛኢ ከልብን ብዙሕ ሕምባሻታት እተጻዕነ ኣድግን ብሓንሳእ ገዙ።

ኣብ መገዲ እቲ ኣድጊ ጠሚዩዎ ሳዕሪ ኺበልዕ ኣልገሰ። እቲ ከልቢ ሳዕሪ ዘይበልዕ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ መጋየሽቱ ካብቲ ጽዕነቱ ሓደ

ቍራስ ሕምባሻ ኺሀብ ለመነ ። አድጊ ፡ ከም'ዚ ኣነ ማእረረ ዝበልዕ ዘሎ'ኹ ፡ ማንፈርኔ ብላዕ ፡ ካብዚ ተሰኪመዮ ዘለኹ ሕምባሻታት ግና ክሀበካ አይኽእልን እየ ፡ ኢሉ ኸልኦ ።

ንምሽቱ በቲ ኢንኢም ዝነበረ እምባ ሓደ ተኹላ ፈን - ፈን እናበለ መጸ ። እቲ አድጊ ፈሪሁ ንቲ መጋየኹቱ ጽግዕ-ጽግዕ በሎ ። ከልቢ እናሰሐቀ ፡ ም ዓርከይ ፡ በዩኑ ዚበልዕ በዩኑ ኪዋጋእ'ውን ሐይሊ ኺሀልዎ ይግባእ ፡ ቢሉ ። ነቲ ምስኪን አድጊ አብ ቅድሚ እቲ ዚቸርብ ዝነበረ አራዊት ሐዲግዎ ሀደመ ።

ሕቶ 2. ከምኡ'ውን ኣብዚ ዛንታ'ዚ ክንዲ-ስምን ወሰኽ-ኣን ቀጽን አውጺእካ ጽሓፍ ።

ሕቶ 3. ምስኡ'ውን መስተዋድድን መስተጻምርን ቃለ-አጋን ኖን አውጺእካ አብ ጥራዝካ ጽሓፍ ።

——— >< ———